# ሕጊ

## ብሄረ-ብሌን

## ትርቓን ተውቓን 12 ኽደን

# መ እ ተ ዊ

ሕጊ ብሄረ- ብሌን ካብ ሰለስቲኡ ሕጊታት ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ተጸሚቂ ዝቀረበ ኰይኑ፤ እዚ ሰለስተ ሕግታትዚ ብፍላይ ከኣ ናይ ተርቀን ተውቀን መኣስ ከም ዝተጀመረ ውሱን ዕለት እኳ እንተዘይተጠቕሰ ኣማኢት ዓመታት ኣብ ውሽጢ ብሄረ-ብሌን ዘገልገለን ዝሰርሔን ምኳኑ ይፍለጥ። ኰይኑ ግን ኣብ 40ታት ብመግዛእቲ እንግሊዝ ዝተበገሰ ውዲት ነዚ ብሓድነትን ስኒትን ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ስለ ዝኸፋፈሎ ካብ ሕጊ ተርቀ ተፈሊዩ ሕጊ 12 ነገድ ተመስረቱ። እዚ ክልተ ሕግታት ካብ ዝቕልቀል ንደሓር ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ናይዚ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ስክፍታታቱ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናኸፍኤን እናገደደን ስለ ዝመጸ ንምእላዩ ሓደ ሓደ ተበግሶታት ነሩ፤ ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ብ1977 ብተ.ሓ.ኤ ተፈቲኑ እኳ እንተነበረ ኣይተዓወተን፡ ከምኡውን ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1992 ብኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሰንሒት ዝተፈተነ ግርህና ዝተሓወሰ ድሕሪ ባይታ ከይተጸንዔ ስለ ዝተበገሰ ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ግርጭት ደግሲ ኮና።

እዚ ስድራ ቤታዊ ምፍሕፋሕ እዚ ስክፍትኡ እናባኣሰ ስለ ዝመጸ ኣብ ወለዶታት ከይተሰጋገረ መዕለቢ ክግበረሉ ናይ ግድን ስለ ዝኾነ ብተበግሶን ጻዕርን ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ መሓመድ ስዒድ ባሪህን ተወሳዶ ካድራት ናይዚ ብሄር እዚን ጽዑቅ ዝኾነ ኀንሳትን ኣኼባታትን ኣብ ከተማታት ይኹን ገጠራት ዞባ ዓንሰባ ተኻይዱ።  ኣብዚ ዝካየድ ዝነበረ ኣኼባታት ደቂ ተውቀውን ኣብ ውሽጢዚ ስድራቤት ዝርኤ ምፍሕፋሕን ዘይምቕዳውን ንምእላይ ምስ ካድራት ኰይኖም እናተንቀሳቀሱ ዘይነዓቅ ግደ ኣበርኪቶም።

ዝካየድ ዝነበረ ኀስንሳትን ኣኼባታትን ኣብ መንጎ ተርቀን 12 ነገድን ዝጸንሐ ዘይምቕዳው ንምእላይ ከም ቀዳማይ ዕማም ተታሒዙ እኳ እንተነበረ ኣብ መወዳእታ ንሰለስቲኦ ሕግታት ብሓደ ሕጊ ክምዝቀውም ምግባር ዝሕሸ ምኳኑ ብምርዳእ ካብ ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ተመሪጾም ብዝተወከሉ ጸራቦ ሕጊ ብምቓም ሕጊ ብሄረ-ብሌን ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ዝብል ስያመ ተዋሂብዎ። እዚ ካብ ዕለት 18-04-02 ጀሚሩ 01-05-02 ተዛዚሙ።

ነዚ ሕጊ ኣብ ምንጻፍን ምጽዳቅን ጀሃሃዲት ኮሚቴ ካድራትን ጸራቦ ሕግን እዞም ኣስማቶም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው እዮም።

# ጸረብቲ ሕጊ

# ብሄረ-ብሌን

# ተርቐን ተውቐን 12 ነገድን

| ተ.ቁ | ምሉእ ስም | ማይ ቤት | ክታም |
|---|---|---|---|
| 1 | ከንቲባ ሓሰን መሓመድ ጆምዕ | ጆንገረን | |
| 2 | ,, ኣሕመድ መሓመድ ዓብደላ | ጎብሻ | |
| 3 | ኣድም መሓመድ ሓምድ እብተስ | ,, | |
| 4 | ከንቲባ ዓብደልቃድር መሓሙድ | ተስኤን | |
| 5 | ዓሊ ኛምዕ ፍካክ | ተስኤን | |
| 6 | ዑመር ኣብራሂም በረህ | ዓድሓሪሽ | |
| 7 | ስለማን ኣብርሂም | ላምዲሪ | |
| 8 | እስማዒል ጆምዕ ስለማን | ላምደሪ | |
| 9 | ሃብተ ሙሳ ሕመድ | ,, | |
| 10 | እስማዒል ኣብርሂም | ጸፋዕ | |
| 11 | ዓብዱ እድሪስ ተርቐ | ጽንፋይ | |
| 12 | መሓመድ ስዒድ ኣብርሀ | ጆወን | |
| 13 | ዓሊ ሓምድ | ድንጊን | |
| 14 | መሃሙድ መሓመድ ዓሊሃኪን | ሰመረጮን | |
| 15 | መሓሙድ መሓመ[illegible]እድሪስ | ዳንሽም | |
| 16 | ተስፋንከል ኪዳነ | እይደከል | |
| 17 | ኖር ሚካኤል | ቤት ገብሩ | |
| 18 | መም/ሓመድኖር ፋይድ | ,, ,, | |
| 19 | በየድ ኣወድ | ሓደምበስ | |
| 20 | መሓረ ወልዱ | ለመጨሊ | |
| 21 | ተስፋጽን መረስስ | እድርባ | |
| 22 | ወልደንስኤ ፋደጋ | ገድሎም | |
| 23 | ሓጅ ረመዳን ሙሳ | ሰኩና | |
| 24 | ሚካኤል ኖረዲን | ኣይስክሕ | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 25 | ናይዝጊ ዮውሃንስ | ብገዳይ | |
| 26 | ፍስሃ ገረሲን | ከለው | |
| 27 | ሙሳ ማይበቶት | እኳረሩ | |
| 28 | ወልደሃንስ ዑቕባልደት | ለገድረ | |
| 29 | ሃብቶም ሓጎስ | በይኑ | |
| 30 | ሃብቴ ኣድሓኖም | መቴ | |
| 31 | ገብረሱስ ጨዋይ | ዛውል ዕሳማ | |
| 32 | መሓሪ ሓጎስ (ሰሊም) | ,, | |
| 33 | ወልደጋብር ገረሱስ | ተኸር | |
| 34 | ሳሙኤል ንጉሰ | መረር | |
| 35 | ጴጥሮስ ዑቆባልደት | ሳሓርቲ | |
| 36 | እድሪስ ዓሊሸክ | ሳጕን | |
| 37 | መ/ስዒድ ዓብደልቃድር | ፋሽላ | |
| 38 | ዘርኣይ ዮውሃንስ | ዘማት | |

# ኣዋሃሃዲት ኮሚቴ ጸራቦ ሕጊ

# ብሄረ-ብሌን

| ተ.ቁ | ምሉእ ስም | ሃዳ | ክታም |
|---|---|---|---|
| 1. | ገርጊስ ጉርማይ | ዞባዊ ምም/ዞ/ዓንሰባ | |
| 2. | ሕዳይ የጊን | " " " | |
| 3. | መሓመድ ሚያ | ባይቶ ዞባ ዓንሰባ | |
| 4. | መሓሪ ጭንዕ | ሃገራዊ ድሕነት | |
| 5. | ሃብተኣብ ክፍለሱስ | ቤ/ጽ ህ.ግ.ደ.ፍ | |
| 6. | ዓብደላሂ መሓመድ ስሌማን | ዞባዊ ምም/ዞ/ዓንሰባ | |
| 7. | ጳውሎስ ዮውሃንስ | ሚ/ምክልኻል | |
| 8. | ኣብረሀት ገብረ | ሚ/ሪ [illegible] | |
| 9. | ሓረጉ ውልደገርጊስ | ህ/ርክባት ዞባ ዓንሰባ | |

# ት ሕ ዝ ቶ


**ዓንቀጽ** 1 ጋር ነብሲ ለ. ሰብ ዝቀተለ ብወዲ ወጻኢ

ሐ. ወዲ ጓል ዝምልከት

**ዓንቀጽ** 2 ¾ ጋር ነብሲ ዝምልከት

2.1 ክልተ ዓይኒ ዘፍሰሰ ወይ ዘንቆረ

2.2 ክልተ ኣእዳው ዘጉደለ

2.3 ክልተ ኣእዛን

2.4 ክልተ ኣእጋር

*ዓንቀጽ "3" ፍርቂ ጋር ነብሲ ዝምልከት*

3.1 ብሓጺን ኣካል ዘጉደለ

3.2 ፍረ ነብሲ ዘውጽኤ

3.3 ኣፍንጪ ዝቆረጸ

3.4 መልሓስ ዝቆረጸ

3.5 ብብረት ዝሰሓተ

3.6 መትሎ ሰብኣይ ዝቆረጸ

3.7 ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዘበላሸወ

3.8 ጡብ ጓል ኣንስተይቲ ዝቆረጸ

*ዓንቀጽ 4 ርብዒ ጋር ነብሲ ዝምልከት ፤*

4.1 ጨፍ መልሓስ ዝቆረጸ

4.2 ከንፈር ዝቆረጸ

4.3 ዓጽሚ ዝሰበረ

4.4 ጎሮር ዝሓነቀ

4.5 ሃሪሙ ዝሃደመ ( ዘስቀጠ)

4.6 ብማይ ውዑይ ወይ ረመጽ ጉድኣት ዘውረደ

4.7 ወዲ ጓል ሰብ ምስ ዝቀትል ዝምልከት

4.8 እንዳኖ ሰብ ምስ ዝቀትሉ

4.9 ሰብ ንምቅታል ዝመወለ

4.10 ብኢንሹራንስ ዝኸፈል


N.B ናይ ሕክምናን ተንቱንን ብላዕሊ :

## ዓንቀጽ 5 በደላት ወይ ገበናት

5.1 ዓባይ ዓባይቶ ዝቆረጸ
5.2 ኣጻብዕ ናይ ኢድ ወይ ናይ እግሪ
5.3 ገዛ ሰብ ዘንደደ
5.4 ስኒ ዘርገፈ
5.5 መስበርቲ ወይ ምሽራፍ ስኒ
5.6 ኣስናን ሕጻናት (ንኣሽቱ)
5.7 እዝኒ ብኣዕሲ ዝጨረመ
5.8 ኣፍንጩ ዘቑሰለ
5.9 መፍጋእቲ
5.10 መፍጋኢ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ኣብ ሓደ ሰብ
5.11 ፍረ ነብሲ ዝጠወየ
5.12 ብነሮር ሓኒቑ ዝሃሰየ
5.13 ዝደቀሰ ሰብ ዝሃረመ
4.14 ክሳድ ሃሪሙ ሃለዋት ዘጥፍአ
5.15 ክሳድ ተሃሪሙ ዝተንስኤ
5.16 ከይተኻሕሰ ሕነ ዝፈዲ
5.17 ተኻሒሱ ሕነ ዝፈዲ
5.18 ንዝሃደመ ዝሃረመ
5.19 ክሃድም ነፍስ ምክልኻል ዝተጠቅመ
5.20 ዘራይ
5.21 ቃጻ
5.22 ምሉእ ስምብራት
5.23 ፍርቂ ስምብራት
5.24 ብግልባጥ ኢድ ዝሃረመ
5.25 ብጻዕዳ ኢድ ዝሃረመ
5.26 ብሓሶት ዘመስከረ
5.27 ገበነኛ ዝሓብኤ
5.28 ዝተሰብረ ዓጽሚ
5.29 ዝደቀሰ ደም ዘለዓዓለ
5.30 ኣብ ቅድሚ ሽማግሌታት ዘዕገርገረ
5.31 ተገዚቱ ኣብ ሕጊ ዘይቀረበ

5.32 ፈጽሚ ወይ ድንክል ዝጠሓሰ

5.33 ናውቲ ማሕረስ ዝቆረጸ

5.34 ኲምራ ቃንጫ ወይ ሳዕሪ ዘንደደ

5.35 ንዝሓርስ ሰብ ጠጠው ዘበለ

5.36 እንስሳ ዘቤት ዝቀተለ

5.37 እንስሳ ዘቤት ዝሰበረ

5.38 ኣብ መንነ ክልተ ዓዲ ዝተሰብረት ወይ ዝሞተት እንስሳ

5.39 ,, ,, ,, ግራት ሞይታ ዝጸንሔት እንስሳ

5.40 ብድሌት ወይ ብፍታው ሂቡ ዝተጣዕሰ

5.41 ኣብ ውራይ ዘዕገርገረ

5.42 ቁማር (ጠላዕ) ዝተጻወተ

5.43 ሲኮራስዩኒ ዘይብላ መኪና

5.44 ውሉድ ንወላዲ ዝበደለ (ዝሃረመ)

5.45 ብሓጺን ሃሪሙ ዝፈግአ

5.46 ገዛ ሰብ ብእምኒ ዳርባ ዝደብደበ

5.47 ደረት ግራት ዝደፍአ

5.48 ሃሪሙ ንብርተት ይኹን ገንዘብ ዝዘመተ

5.49 ድፍረት (ግስሳት ደምበ)

5.50 ብፋስ ብካራ. ብኲናት :ብብረት ክቀትል ዝፈተነ

5.51 ተኻሒሱ ሕነ ዝፈዲ

5.52 ብሓሶት ንሰብ ዝኸሰሰ

5.53 ኣብ ጥሪት ዘይዕላመቲ (ሕላገት)

5.54 ስንብራት ጥሪት

5.55 ካብ እንዳባ ኪድ (ውጻእ) ዝበለ

5.56 ፈረይቲ ኣግራብ ዝምልከት

5.57 ,, ,, ,, ከም ጋባ .. ወዘተ ዝምልከት

5.58 ,, ,, ,, ናይ ጀራዲን

5.59 ሕሽም (ናይ ክብሪ ላም ) ሒዙ ዝመጸን ዝኸደን

5.60 ላም ሕሽም ዝኾብኮበ

5.61 ውራይ ይንእስ ይዕበ ዝምልከት

## ዓንቀጽ 6. ስርቂ

6.1 እንስሳ ዝሰረቀ

6.2 ካብ ገዛ ይኹን ካብ ካልእ ንብረት ዝሰረቀ

6.3 ኣብ ገዛ ሓዳር ክሰርቅ ዝተረኽበ

6.4 ክሰርቅ ከሉ ዘይተዓወተ

6.5 እምነት ዝጠለመ

6.6 ኣብ ዘይግራቱ ንዘላ ንህቢ ዝበርበረ

6.7 ዘይንህቡ ካብ ገዛ ሰብ ዝበርበረ

6.8 ዘይግራቱ ዝሓረሰ

6.9 ኣብ ውሽጢ ግራት ገረብ ዝቆረጸ

6.10 ዔላ ዓዲ ዝደፈነ

## ዓንቀጽ 7. ከበድቲ ጸርፍታት

7.1 ንቀቢላ ዝትንከፍ ጸርፊ

7.2 ንውልቀ ሰብ ዝጸረፈ

7.3 ንበዓልቲ ሓዳር ዝጸረፈ

7.4 ጡፍ ዝበለ

7.5 ዕጮ ይእቶኻ ዝበለ

## ዓንቀጽ 8 ሕጻን መርዓን

8.1 ኣብ መዓልቲ ሕጸ

8.2 ሽልማት መርዓት

8.3 ምሳሕ መርዓ

8.4 ወፋሮ መርዓ

8.5 ዓሱር ሽኪ

8.6 ገዘሚ (መትሉ)

8.7 ባንድ ምዕዳም

8.8 ኣቕሑት መርዓት

8.9 ክዳን ዝምልከት

8.10 መርዓ ሓያም

8.11 ንብርኪ ዝምልከት

8.12 መርዓ ዝወለደት ጓል

8.13 ዝሰሓተት ጓል

8.14 ጥንሲ ሒዛ ዝተመርዓወት

8.15 ኣብ ልዕሊ ቃል ኪዳን ወይ ዓቅድ ምስራቅ

8.16 ሰበይቲ ኣብ ልዕሊ ሰብኣያ ዝሰረቀት ሰብኣይ ኣብ
ልዕሊ ሰበይቱ ዝሰረቐ

8.17 ቀሰብ ቆልዓ

8.18 ብወሰን ዝተወልደ ቆልዓ ናይ ምዕባይ ዝምልከት

8.19 ዝሰሓተት መበለት

8.20 ኣብ ደነበ ሓሙኣ ዝሰሓተት

8.21 ሰይቲ ሰብኣይ ካብ ካልእ እንተጠነሰት ዝምልከት

8.22 ንሕጹያ ዝኣብየት

8.23 ንሕጽይቱ ዝኣበየ

8.24 ውዕል መርዓ ዘፍረሰ

8.25 ዋሕስ ዝምልከት

8.26 ሰበይቱ ዘባረረ

8.27 ሕጹያ ዝሞታ ጓል

8.28 ነንሕድሕዶም ዘነሻው ዝምልከት

8.29 ውርሻ ዝምልከት

8.30 ምጥልላም ሕጹያት ዝምልከት

8.31 ብዘይኣገባብ ዝኸደት ሰበይቲ

8.32 ጓል ዘሕሰመ (ዝዓመጸ)

8.33 ትሕቲ ዕድመ ዝዓመጸ

8.34 በዓልቲ ሓዳር ዝዓመጸ

8.35 ጸጉሪ ርእሲ እንተተነጽየ

8.35 ስተያት ዝምልከት

8.36 ኣልኮላዊ መስተ ዝምልከት

8.37 ወሊዳ ቆልዓ ዝደርበየት

8.38 ወሊዳ ቆልዓ ከይሞተ ዝተረኽበ

8.39 ንሕጹያ ዝጠለመት

8.40 ሓዳራ ጠሊማ ዝዓንደረት

8.41 ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝተዓመጸት

8.42 ንክዕምጽ ሃቂኑ ዘይተዓወተ ዝምልከት

8.43 ክምርዓወኪ እየ ብምባል ክብራ ድንግልንኣ ዘፍረሰ

8.44 ንበዓልቲ ሓዳር ዘጥነሰ

8.45 ጠኒሳ ዘይትሕብር ዝምልከት

8.46 መኻን (ስእን ) ዝምልከት

8.47 ጓል ዝሰረቐ

## ዓንቀጽ "9 " ብእንስሳ ዝወርድ ሓደጋ

- ብእንስሳ ዘቤት ዝወርድ ሓደጋ (ጉድኣት)
- ከልቢ ዝቀተለ

## ዓንቀጽ " 10 "

10.1 ነዚ ሕጊ ብሄረ ብሌን ዝጠሓሰ

10.2 ነዚ ሕጊ ብሄረ ብሌን ዝጠሓሰት እንዳባ

10.3 ንተስካር ዝምልከት

10.4 ሕጊ ብሄረ ብሌን ብምጥሓስ ሓደ ሸም ........

105 ሕጊ ብሄረ ብሌን ........

## ዓንቀጽ " 1 "

ጋር ነብሲ ብሕጊ እንዳባ ሰብ ምቅታል ኲልኩል እዩ። ሰብ ዝቀተለ 65,000 (ስሳን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) 5000 ዶላር ።

- ሓንቲ ላም ስብሕቲ ንድራር
- ሓንቲ ላም መቐራረቢት ክልተ ሰብ ውራይ
- ዓለባ መግነዚ
- ዳስ ተዳልዩ ይጸንሕ:

ኣብ ውራይ ዝወፍሩ ካብ 60 ሰብ ንላዕሊ ኩልኩል እዩ: ካብ ጋር ነብሲ ½ ንመዋቲ ½ ንእንዳባ ይኸውን።

*ለ/ ሰብ ዝቀተለ ወዲ ወዲ*

ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብባህሊ : ብዜግነት ... ወዘተ ዳስ ክተክል ወይ ድማ ከዳሉ ዘይከኣለ ብተመሳሳሊ ላም ድራር : ላም መቐራረቢት ... ወዘተ ስለ ዘየቅርብ ብጠቕላላ 85,000 (ሰማንያት ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) 6500 ዶላር ይኸሕስ።

## ዓንቀጽ " 2 "

*¾ ጋር ነብሲ*

2.1 ክልተ ዓይኒ ዘፍሰሰ ወይ ዘንቆረ ¾ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:
2.2 ክልተ ኣእዳው ዘጉደለ ¾ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:
2.3 ክልተ እዝኒ ዝቆረጸ ¾ " " "
2.4 ክልተ ኣእጋር ዘጉደለ ¾ " " "

## ዓንቀጽ " 3 "

*ፍርቂ ጋር ነብሲ ዝምልከት* ፣

3.1 ብሓጺ ኣካል ዘጉደለ ሴፍ: ካራ: ኲናት ... ወዘተ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:
3.2 ፍረ ነብሲ ዘውጽኤ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:
3.3 ኣፍንጨ ዝቆረጸ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:
3.4 መልሓስ ዝቆረጸ " " " "
3.5 ብዝኾነ ዓይነት ብረት ተኲሱ ዝሰሓተ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

3.6 መትሎ ሰብኣይ ዝቆረጸ ፍርቂ ጋር ካብሲ ይኸሕስ:

3.7 ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዘበላሸወ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

3.8 ጡብ ጓል ኣንስተይቲ ዝቆረጸ „ „ „ „

3.9 ሓደ ኢድ ዘጉደለ (ዝቆረጸ) „ „ „ „

3.10 ሓደ ዓይኒ ዘጉደለ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

3.11 ሓደ እዝኒ „ „ „ „ „

3.12 ዝተረጋገጸ ጥንሲ ዝሰደደት ፍርቂ ጋር ነብሲ ትኸሕስ:

3.13 ምስ ጥንስቲ ዝመውት ዕሸል „ „ „ „

3.14 ብካራ ተጠቢሑ ንዝሓመየ „ „ „ „

3.15 ሰብ ዝሰረቀ ናይ መድለዪ ብላዕሊ ከፊሉ ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

3.16 ኣጻብዕ ናይ ኢድ ወይ ናይ እግሪ ብምልኡ ምስ ዝጎድል ፍርቂ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

N.B :- ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዝርከብ ሕክምናን ተንተንን ብላዕሊ ዝኸፈል እዩ።

## ዓንቀጽ " 4 "

*ርብዒ ጋር ነብሲ*

4.1 ጨፍ መልሓስ ዝቆረጸ ርብዒ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

4.2 ከንፈር ዝቆረጸ „ „ „ „

4.3 ዓጽሚ ዝሰበረ „ „ „ „

4.4 ሓደ ሰብ ብኢዱ ተጠቂሙ ጎሮሮ ዝሓነቀ ርብዒ ጋር ይኸሕስ:

4.5 ሃሪሙ (ደብዲቡ) ዝሃደመ (ዘስቀጠ) ርብዒ ጋር ነብሲ ይኸሕስ:

4.6 ብማይ ውዑይ : ረመጽ: ሓዊ: ... ወዘተ ኣብ ርእሲ ሰብ ብምኹዓው ቆርበት ዘንደደ (ዘቃጸለ) ርብዒ ጋር ይኸሕስ።

N.B :- ናይ ሕክምናን ተንቱን ብላዕሊ ዝኸፈል እዩ።

4.7 ወዲ ጓል ሰብ ምስ ዝቀትል ካብ እንዳኖ ሳልሳይ ኣፍ ይኸሕስ:

4.8 እንዳኖ ሰብ ምስ ዝቀትሉ ወዲ ጓል ካብቲ ስልዕቲ ሳልሳይ ኣፍ ይኸሕስ: እዚ ኣብ ክልቲኡ ዓንቀጻት ዝርከብ ድማ ካብ ምሉእ ጋር : ሰለስተ ርብዒ ጋር : ፍርቂ ጋር ምኻኑ እዩ።

4.9 ሰብ ንምቅታል ዝመወለ 15000 ናቅፋ ይቅጻዕ:

4.10 ብኢንሹራንስ ዝኸፈል ጋር ነብሲ ኣብ እንዳባ ኣታዊ ኮይኑ: ብሕጊ እንዳባ ኸኣ ይመቃራሕ።

## ዓንቀጽ " 5 "

<u>ብደላትን ዝበናትን</u>

5.1 ሓንቲ ጽብዒት (ዓባይ ዓባይቶ) ናይ ኢድ ወይ ናይ እግሪ ዝቆረጸ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቅፋ) ይኽሕስ፡

5.2 ዝተረፉ አጻብዕ ናይ ኢድ ይኹን ናይ እግሪ ንነፍሲ ወከፈን 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ) ይኽሕስ፡

5.3 ግዛ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘንደደ 3000 (ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ) ተቀጺዑ ናይ ዘቃጸሎ ንብረት ተሓታቲ ይኸውን።

5.4 ሓንቲ ስኒ ዘርገፈ 2000 (ክልተ ሽሕ ናቕፋ) ይኸፍል፡ ነታ ስኒ ይትክኣ እዚ ድማ ሓኪም ብዝኣዘዞ መሰረት ይኸውን።

5.5 መስበርቲ ወይ ምሽራፍ ስኒ 1000 (ሽሕ ናቕፋ) ይቕጻዕ።

5.6 ኣስናን ናይ ነኣሽቱ ምስ ዝወጽእ ተተካኢ ስለ ዝኾነ 500.00 (ሓሙሽተ ሚእቲ ናቕፋ) ይኽፍል ፍያስኮ ጠስሚን 12 ርብዒት እኽሊን ሓንቲ ጤልን ተንቲን ሕክምና ብላዕሊ

5.7 . እዝኒ ብላዕሊ ዝጨረመ ሓንቲ ላምን 200.00 ክልተ ሚእቲ ናቕፋልን) ይኽሕስ

5.8 ኣፍንጫ ዘቍሰለ (ዝጨንድሐ) ሓንቲ ላምን 120.00 ናቕፋን ይኽሕስ

5.9 : መፍጋእቲ ንሓንቲ ሓንቲ ላምን 12 ርብዒት እኽልን ፍያስኮ ጠስሚን 120.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5.10 . መፍጋእቲ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ እንተኾይኑ 1000.00 (ሽሕ ናቕፋ) ንሓንቲ ይቕጻዕ ፍረ ነብሲ ዝጠወየ ሓንቲ ላምን 120.00 ናቕፋን ይኽሕስ .

5.11 . ብጎሮሮ ሓኒቁ ማህሰይቲ ዘየውረደ 1000.00 (ሺሕ ናቕፋ) ይቕጻዕ

5.12 : ንዝደቀሰ ሰብ ዝሃረመ 3000.00 (ሰለስተ ሺሕ ናቕፋ) ተቀጺዑ ናይ ዘውረዶ

5.13 ጉድኣት (መህሰይቲ) ተሓታቲ ይኸውን

5.14 .. ክሳድ ተሃሪሙ ሃለዋት ዘጥፍኤ ኣብ ርእሲ ግቡኡ 2000.00 (ክልተ ሺሕ ናቕፋ) ይኽሕስ

5.15 ክሳድ ተሃሪሙ ወዲቁ ዝተንስኤ 800.00 (ሾመንተ ሚእቲ ናቕፋ) ይኽሕስ .

5.16 ከይተኻሕሰ ሕነ ብኢዱ ዝፈደየ 1000.00 (ሺሕ ናቕፋ) ተቀጺዑ ካሕሳ ናይ ክልትኦም ከከም ክብደቶም ይኸውን።

5.17 . ተኻሒሱ ሕነ ዝፈዲ ናይ ዘውረደ ጉድኣት ተሓታቲ ኰይኑ ተቀቢልዎ ዝነበረ ካሕሳ ብምልኡ ይኽሕስ

5.18 . ሓደ ሰብ ንዝሃድም ሰብ ኣርኪቡ እንተሃረመ 1000.00 (ሺሕ ናቕፋ) ተቀጺዑ ናይ ዘውረዶ ጉድኣት ብሕጊ እንዳባ ተሓታቲ ይኸውን

5.19 . ሓደ ሰብ ክሃድም ከሎ ነብሲ ምክልኻል ተጠቂሙ ኣብ ዘሃደመ ጉድኣት እንተወረደ መቕጻዕቲ ኣይምልከቶን እዩ። ናይ ዘውረዶ ጉድኣት ተሓታቲ ይኸውን

5.20 .. ዘራይ 2000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ ናይ ዘውረዶ ጉድኣት ተሓታቲ እዩ።

5.21 ብቅዝጻ ዝሃረመ 2000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ ናይ ዘውረዶ ጉድኣት ተሓታቲ ይኸውን

5.22 . ምሉእ ስምብራት (መቕጠልድ መቕጠንሲ) 400.00 ናቕፋ ንሓንቲ ይኽሕስ

5.23 .. ፍርቂ ስምብራት 250.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5.24 ብገልባጥ ኢድ ዝሃረመ 500.00 ይቕጻዕ

5.25 ብጻዕዳ ኢድ ዝጽፍዔ 250.00 "

5.26 ብሓሶት ዘመስከረ 1000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5.27 . እናረኣየን እናሰምዔን ኩነ ኢሉ ናይ ገበነኛ ተግባርን ንዕኡን ዝሓብኤ 1000.00 ናቕፋ ተቀጺዑ ግቡእ ተሓታቲ ይኸውን

5.28 . ...

5.29 ዝደቀሰ ደም ዘለዓዓለ ( ዘልዓለ) 500.00 ናቕፋ "

5,30 . ኣብ ቅድሚ ሽማግለ ዘዕገርገረ ወይ ገበን ዝፈጸመ 200.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5,31 . ተገዚዙ ኣብ ሕጊ ዘይቀረበን ገዚዙ ኣብ ሕጊ ዘይመርሔን ነፍሲ ወከፎም 100.00 ናቕፋ ይቕጽዑ

5.32 .. ፈጽሚ ወይ ድንክል ዝጠሓሰ ፈጽሚ ክጠሓስ የብሉን እንተተጣሕሰ ድማ ብመሰረት ዝወሰንዎ መቕጻዕቲ ይውስን

5,33 ናውቲ ማሕረስ ዝቆረጸ 1000.00 ናቕፋ ተቀጺዑ ናውቲ ማሕረስ ንዋና ይትካእ ?

5,34 .. ኩምራ ቃንማን ሳዕርን ዘንደደ 1000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ ክንደይ ገመል ምዃኑ ተፈሊጡ ንዋና ይምለሶ

5,35 ንሓደ ሓረስታይ ክሓርስ ክሎ ብግዚ ጠጠው ዘበለ 120.00 ናቕፋ ንጽምዲ ኣብዑር ይቕጻዕ

5.36 እንስሳ ዘቤት ዝቀተለ ነታ ዝሞተት እንስሳ ይትክእ

5,37 . እንስሳ ዘቤት ዝሰበረ ነታ ዝሰበራ ብጥይቲ ይትክእ

5,38 . ኣብ መንጎ ክልተ ዓዲ ዝተሰበረት ወይ ዝሞተት እንስሳ ተሓተቲ ክልተ ዓዲ እዮም።

5,39 ... እንስሳ ኣብ መንጎ ክልተ ግራት መይታ እንተጽንሐት ሓለፋነት ናይ ክልተ ሰብ ግራት ይኸውን

5,40 .. ብድሌት ወይ ብፍታው ህያብ ዝሃበ ተጣዒሱ ኣይምለስን

5,41 .. ኣብ ውራይ ዘዕገርገረ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ዘውረደ 1000.00 ናቕፋ ክሒሱ ናይ ዘውረደ ጉድኣት ተሓታቲ ይኸውን

5,42 . ቅማር ክጻወት ዝተረኸበ ነፍሲ ወከፍ 100.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5,43 . ሲኳራስዮኒ ዘይብላ መኪና ድንኣስ ይዕበ ሓደጋ ምስ ዘጋጥማ ተሓታቲ ዋና መኪና ባዕሉ እዩ።

5,44 ውሉድ ንወለዲ ዝሃረመ ወይ ዝበደለ ይቕሬታ ሓቲቱ 500.00 ናቕፋ ይቕጻዕ

5.45 ብሓጺን ሃሪሙ ዝፈግኤ : ሓዊዩ ናብ ንቡር ዝተመልሰ: $^1/_8$ ናይ ጋር ኑብሲ ይኸሕስ:

5.46 ገዛ ሰብ ብእምኒ ዝደብደበ (ዳርባ) 1000.00 (ሽሕ ናቕፋ) ይቕጻዕ እዚ ኮነ ኢሉ ንዝፍጽም ጥራይ ይምልከት።

5.47 ደረት ግራት ዝደፍኤ 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ ናቕፋ ) ይቕጻዕ:

5.48 ሃሪሙ ንብረት ይኹን ገንዘብ ዝዘረፈ (ዝዘመተ) 2000 (ክልተ ሽሕ ናቕፋ) ይኸሕስ: ናይ ዝወረደ ጉድኣት ድማ ተሓታቲ ይኸውን።

5.49 ግስሳት ደንበ (ድፍረት ) ናይ ካልኦት ስለዝኾነ ሓንቲ ላምን 120 ናቕፋ ይኸሕስ: ናይ ዝወረደ ጉድኣት ከኣ ብላዕሊ ይሸከም: (ተሓታቲ ይኸውን)

6.0 ብፋስ: ብካራ: ብኲናት ብብረት: ክቀትል ዝፈተነ ወይ ወስ ኢሉ ጉድኣት ዘየውረደ 5000.00 (ሓምሽተ ሽሕ) ናቅፋ ይኸሕስ።

6.1 ተኻሒሱ ሕነ ዝፈዲ : ካብቲ ተኻሒስዎ ዝነበረ $^1/_4$ ይቕጻዕ: (ይመልስ) ናይ ዘውረዶ ጉድኣት ከኣ ተሓታቲ ይኸውን።

6.2 ብሓሶት ንሰብ ዝኸሰሰ መረጋገጺ ዘይብሉ ምጥቃዕ ስለዝኾነ 1000 (ሓደ ሽሕ ናቕፋን ናይ ክብሪ ላም (ሕሽም) ይኸሕስ። ዘስዓቦ ክሳራታት ተሓታቲ ይኸውን።

6.3 ኣብ ጥሪት ዘይዕላመቱ (ሕላገት) ዝገበረ 1000 (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ይቕጻዕ: ነታ ዕላመት (ሕላገት) ድማ ይድምስሳ።

6.4 ስምብራት ጥሪት 100 (ሓደ ሚእቲ ናቕፋ) ንሓንቲ ስምብራት ይቕጻዕ::

6.5 ኣብ እንዳባ (ባይቶ) ኪድ ዝበለ ላም ሕሽም ይኸሕስ።

6.6 ፈረይቲ ኣግራብ ከም ሕሞር: ዕጣን: ... ወዘተ ዓቢይ ጥቕሚ ዘለዎም ዝቆረጸ 3000 ናቕፋ ይቅጻዕ

6.7 ፈረይቲ ኣግራብ ከም ጋባ: ዳዕሮ: ዓየ: ትርንጎ ... ወዘተ ዝቆረጸ 1000 ናቕፋ ይቕጻዕ:

6.8 ፈረይቲ ኣግራብ ናይ ጀርዲን ዝቆረጸ ብበዓል ሞያ ተገሚቱ ይቕጻዕ :

6.9 ሕሽም (ናይ ክብሪ ላም) ሒዙ ዝመጸ ድሕሪ ምብላዕን ምስታይ ሕሽም ኣይንህብን ብምባል ከብኪብዋ ዝኸደ 1000 ናቕፋ ተቀጺዑ ክልተ ላም (ከብቲ) ንሕሽም የቕርብ:

6.10 ላም ሕሽም ኮብኪቦም ዝመጹን ዝቅበሉን ከብ ነፍስ ወከፎም 7 ሰብ ይኾኑ:

6.11 ውራይ ይንኣስ ይዕበ ብፍቶት እንተዘይኮይኑ: ዳስ ሽሊምካ ይካየድ።

## ዓንቀጽ " 6 "

__ስርቂ__

6.1 እንስሳ ዝሰረቀ ትንኣስ ትዕበ ናይቲ ዝሰረቀ ዓይነት ዕጽፊ ይኸፍል:

6.2. ካብ ገዛ ይኹን ካብ ካልእ ንብረት ዝሰረቐ ናይ ዝሰረቀ ንብረት ዕጽፊ ይኸፍል:

6.3 ኣብ ገዛ ሓጻር ክሰርቕ ኢሉ ዝኣተወ ናይ ዝሰረቆ ንብረት ዕጽፊ ከፊሉ ሕሸም ሓንቲ ላም ይኸሕስ:

6.4 ኪሰርቕ ኢሉ ንብረት ክይወሰደ እንተታሕዘ እንዳ ሓጻር ምስ ዝኸውን ላምን 120.00 ናቕፋን ይቕጻዕ።

6.5 እምነት ዝጠለመ እሞ ብምስክርነት ዝተረጋገጸ እቲ ንብረት ይኹን ካልእ ነገር ብዕጽፊ ይምለስ:

6.6 ኣብ ዘይግራቱ ዘላ ንህቢ ዝበርበረ ነቲ መዓር መሊሱ 200.00 ናቕፋ ይቕጻዕ:

6.7 ዘይንህቡ ካብ ገዛ ሰብ ዝበርበረ 500.00 ናቕፋ ይቕጻዕ: መዓር ከኣ ተመላሲ ይገብር:

6.8 ዘይግራቱ ዝሓረሰ 100 ናቕፋ ተቀጺዑ እቶት ንዋና ግራት ኣረኪቡ ይለቅቕ።

6.9 ኣብ ውሽጢ ግራት ዘላ ገረብ ዝቆረጸ 100 ናቕፋ ይቅጻዕ: ገረብ ንዋና ግራት ይገድፍ

6.10 ዒላ ዓዲ ዝደፈነ 1000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ ዒላ ድማ ይኹዕታ።

## ዓንቀጽ " 7 "

__ከበድቲ ጸርፍታት__

7.1 ንቀቢላ ዝትንክፍ ጸርፊ ዝጸረፈ 5000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ:

7.2 ንውልቀ ሰብ ብስም እንስሳ ኣልዒሉ ዝጸረፈ ኣብነት ኣድጊ: ህበይ: ከልቢ ደንቆሮ : ሃላይ: ስቱቅ: ባርያ ... ወዘተ ዝበለ ላምን 5000.00 ናቕፋን ይኸሕስ።

7.3 ንበዓልቲ ሓጻር ሽርሙጣ ዝበለ ላምን 600.00 ናቕፋን ይቕጻዕ።

7.4 ጡፍ ዝበለ 500.00 ናቕፋን ላምን ይኽሕስ:

7.5 ዕጭ ይእቶኻ ዝበለ ላምን 500.00 ናቕፋን ይኽሕስ።

# <u>ዓንቀጽ " 8 "</u>

*<u>ሕጻን መርዓን</u>*

ሕጸ ድሌት ናይ ክልቲኦም ጾታታት ዝሓትት ኣብ ጸቅጥን ምፍርራሕን ዘይተመርኮሰ ኣቦ ወድን ጓልን ዝተሰማምዕሉን ዝተረዳድእሉን እዩ።

8.1 ኣብ መዓልቲ ሕጸ ጣቃ ዓለባ ጀገር (ብጭቑኹ) 150.00 ናቕፋ ናይ መመረቕታ (ገውሪው) 300.00 ናቕፋ ናይ (ኣደ ነገሩ) ሓንቲ ክንታል ፍረ እኽሊ :

8.2 ሽልማት : ወርቂ 35 ግራም (ውግየትን ርብዕን)
ላም ብርእሳ እንተኾነት ጀዳዕ
ብገንዘብ እንተኾነ ድማ 2000.00 ናቕፋ
ገንዘብ ይኹን ላም ብምርጨ ኣቦ ጓል ይኸውን:

8.3 ምሳሕ መርዓ: ብትእዛዝ ኣቦ ጓል ይኸውን:
ካብ ላም ወይ ጤል (ምንድቅ)

8.4 ወፋሮ መርዓ : ካብ 7 መኣዲ ምሕላፍ ፍቁድ ኣይኮነን: ነዚ ዝጠሓሰ 100.00 ናቕፋ ይቕጻዕ:: ሕልፎት ዝበሃል የለን : ሕልፎት ዝወፈረ 5000.00 ይቅጻዕ::

8.5 ዓሱር ወይ ሽኪ :3 ኣዋልድ ሕምባሻን ሃንዛን ጥራይ ሐዚን ይበጽሓ።

8.6 ገዝሚ (መትሎ) ከም ዓቕምን (ምርወትን) ይኽእሉ፡፡

8.7 ኣቑሑት መርዓት (ሰርጐ ኣራኹ) ከም ዓራት ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሕራጩ፤ ከሸት፤ ተንከበት ወዘተ ነይሮም ሕጂ ኸኣ ዓራት ምስ ፍርናሹ፡ ጠረጴዛ፤ ድስቲ ኲስኲስቲ ሒዛ ትኣቱ ከም ከረደንሳን፤ ኣርማድዮ፤ ሳሎን ክልኩል እዩ፡፡ ነዝ ዝጠሓሰ 5,000.00 ናቕፋ ይቕጸዕ፡፡

8.8 ክዳን 2 ቅያር ካብ ነፍሲ ወከፍ ንመርዓት ንኣደን ክልተ ዓባይት ሓሓደ ቅያር ይመጸለን፡፡

8.9 ሓያም ክትምርያ እንከላ ብፍርቂ ናይ ጓል ክትምርያ ከላ ዝወሃባ ትምርያ፡፡
ንብርኪ ዝምልከት፦

8.10 ኣገባብ መርዓ በየናይ ምኽኒ ተፈሊጡ ዝውሰን እዩ ብቃል ኪዳን ዝተመርዓዓው ሰብ ብርኪ እዮም፡፡ ብዓቅዲ ዝተመርዓዓው ብሕጊ ሸርዓ ይቅየዱ፡፡

8.11 ዝወለደት ጓል ኣብ ካልእ ክትምርያ ከላ ½ ግቡእ ጓል ክትምርያ ኸላ ወሲዳ ዳስ ተተኺሉላ ትምርያ፡፡

8.12 ብፍቶታ ዝሰሓተት ጓል ግቡእ ሕርሲ ይወሃባ ቀለብ ቆልዓ እውን ብተመሳሳሊ 3,000.00 ካሕሳ ይወሃባ፡፡

8.13 ጥንሲ ሒዛ ዝተመርዓወት (ዝተረጋገጸ ጥንሲ) ኣቦ ጓል ንኣቦ ወዲ ካብ ሕጸ ክሳብ መርዓ ዘሕለፎ ብምሉኡ ይምልሰሉ፡፡
ኣቦ ጓል ነቦ ወዲ ሕሸም ሓንቲ ላምን 5000.00(ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋን ይኽሕስ

8.14 ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ (በዓልቲ ቃል ኪዳን ወይ ድማ ዓቅድ) ካልእ ሰበይቲ ዝሰረቀ ላም ሕስም 15 ግራም ወርቂ ንበዓልቲ ቤቱ ይከሕስ፡፡

8.15 ሰበይቲ ኣብ ልዕሊ ሰብኣያ ካልእ ሰብኣይ እንተሰረቀት ላም ሕሸም ንሰብ ኣያ 15 ግራም ወርቂ ናብ ገንዘብ ተለዊጡ ንሰብኣያ ይወሃብ ነዚ ሓላፍነት ዝስከሙ ድማ ስ/ቤት ወይ እንዳኣቦኣ እዮም፡፡

8.16 ቀለብ ቆልዓ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ክሳብ 18 ዓመት ዝኸውን ንወዲ ይኹን ንጓል ቀለብን ክዳንን ይወሃቦም፡ ኣብ ወርሒ መሻርፍ 100.00 ናቕፋ እዩ፡፡

8.17 ኣዲኡ ኣብ ካልእ ክትምርያ እንተደለየት (እንተወሰነት) ምስ መን ይዓቢ ንዝብል ብናይ ክልቲኦም ስምምዕ ይውሰን፡፡

8.18 መበለት ስሒታ እንተጠነሰት ዘጥነሳ እንተኣመነ ግቡእ ሕርሲ ሂቡ 1000.00 ሽሕ ናቕፋ ክሒሱ መሻርፍ ቆልዓ ይኸፍል፡፡

8.19 ሰብኣያ ዝሞታ ኣብ ደንበ ሓሙኣ ደቃ እናናበየት ካብ ካልእ ሰብ ዝጠነሰት ናይ ሕርሲ ግቡእ ሂቡ 1000.00 ናቕፋ ይኽሕሳ ላም ሕሸም ንእንዳ ሓሙኣ ይኽሕስ፡

8.20 ሰይቲ ሓዳር ካብ ካልእ ሰብኣይ እንተጠነሰት፡
ሀ. ዝጠነሰት ሰበይቲ ንሰብኣያ 10,000.00 ናቕፋን ሕሸም ላምን ትኽሕስ፡፡
ለ. ዘጥነሳ ሰብኣይ 10,000.00 ናቅፋን ሕሸም ላምን ንሰብኣያ ይኽሕስ፡፡
ሐ. ሕርስን ቀለብ ቆልዓን ናይ ዘጥነሳ ሓላፍነት ይኸውን፡፡

8.21 ንሕጹያ ዝኣበየት ኣብ ሕጸ ወጻኢታት ብምልኡ ተመሊሱ ናይ ክብሪ ላም (ሕሸም) ንእንዳ ወዲ ይወሃብ፡፡

8.22 ንሕጽይቲ  ዝኣበየ ኣቦ ጓል ዘጥፍአ ወጻኢታት ከፊሉ ሕሸም ንቦ ጓል ገንዘቡ ድማ ይምለስ፡፡

8.23 እኽለ ማይ ተዳልዩ እንከሎ ውዕል መርዓ ዘፍረሰ ናይ ዝጠፍኤ ንብረት ተሓታቲ ይኸውን፡፡

8.24 ብግቡእ እትምርያ ጓል ዋሕስ ይትከል ዋና ኣብ ዝተወሰነሉ ዕለት ምስ ዘየእቲ ተሓታቲ ዋሕስ እዩ፡፡ መዓልቲ እንተደአ ሓሊፉ 200.00 ናቕፋ ተቐጺዑ ክኸፍል ይግደድ፡፡

8.25 ብዘይ ኣገባብ ሰበይቱ ዘባረረ ኻኸፍትዋ 3 ግራም ወርቂ ይኽሕስ፡፡

8.26 ሕጹያ ዝሞታ ጓል ኣብ ሕጸ ዝተገብረ ኣታዊ ከይተመልሰ ኣብ ካልእ ሰብ ክትሕጸ ወይ ክትምርያ ኣይፍቀደን ነዚ ዝጠሓሰ 500.00 ናቕፋ ተቀጺዑ ኣብ ሕጸ ዝተገብረ ወጻኢታት ይምለስ፡፡

8.27 ጓል ኣንስተይቲ ንሰብኣያ ከለዎ ናይ ሰብኣይ የብሉን ኢላ እንዳጸረፈት (እንተኣናሸወት) ናይ ክብሪ ጀጃዕ ትኽሕስ፡፡
ንሰበይቲ ሽንግለት ዝበለ ድማ ብተመሳሳሊ ጃጃዕ ይኽሕስ፡፡

8.28 ውላድ ዘይብሎም ሰብኣያ ዝወርሶም ኣደን ኣቦን ይወርስዎ እንተዘየለው ናይ ቀረባ ዘመዶም ወይ ቤተሰብ ይወርሶም፡፡

8.29 ሕጽይቲ  ጓል ንሕጹያ ጠሊማ ኣብ ካልእ ሰብ ምስ እትምርያ ጥልመት ስለዝኾነ ኣብ ሕጸ ኣታዊ ዝነበረ ተመላሲ ኾይኑ ናይ ክብሪ ላም ይኽሕስ፡፡
ዝተመርዓዋ ሰብ ድማ 500.00 ናቕፋን ናይ ክብሪ ላምን ይኽሕስ፡፡

8.30 ሰበይቲ በዓልቲ ሓዳር ብዘይ ኣገባብ ብዘይ ኣፍልጦ እንተቖሸደት ናይ ክብሪ ላም (ሕሸም) ትኽሕስ፡፡

8.31 ጓል ብዓመጽ ዘሕሰመ ክብሪ ድንግልናኣ ዝጋሃሰ 15,000.00 ናቕፋ ይቅጻዕ ጆሊጥ ተባሂሉ ድማ ቀጥታ ናብ ዝተዓመጸት ይኣቱ፡፡

8.32 ትሕቲ ዕድመ ጓል ዝዓመጸ 20,000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ፣ ጆሊጥ ተባሂሉ ድማ ቀጥታ ናብ ዝተዓመጸት ይኣቱ፡፡

8.33 ሕጽይቲ ጓል ዝዓመጸ ክብሪ ድንግልናኣ ዝጋሃሰ 15,000.00 ናቕፋ ይቕጻ፣ ሓንቲ ላም (ብይኣት) ሕሸም ንሕጹያ ትወሃብ፡፡

8.34 በዓልቲ ሓዳር ዝዓመጸ ሰብ 10,000.00 ናቕፋን ላም ሕሸም ይኽሕስ፡፡

8.35 ጓል ኣንስተይቲ ጸጕሪ ርእሲ እንተተነጸየ ከም መፍጋእቲ ትከሓስ፡ ሓንቲ ላም 12 ርብዒት ኣኸሊ፤ ፍያስኮ ጠስሚ 120 ናቅፋን ሕክምና ብላዕሊ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸጕሪ ድማ 1,000.00 ናቕፋ ትክሕስ፡፡ ጸጕሪ ክበሃል ከሎ ኣብ ሓደ ቁና ምኺኑ ይፍለጥ፡፡

8.36 ስተያት ክልኩል እዩ ዝጠሓሰ ኸኣ 500.00 ናቕፋ፡፡

8.37 ኣብ ግዜ መርዓ ኣልኮላዊ መስተ ክልኩል እዩ፣ ነዚ ዝጠሓሰ 500.00 ናቕፋ ይቕጻዕ።

8.38 ወሊዳ ቆልዓ ዝደርበየት ሞይቱ ዝተረኽበ ጋርንብሲ ትክሕስ፣

8.39 ወሊዳ ቆልዓ ዝደርበየት ከይሞተ ዝተረኽበ 5,000.00 ናቕፋ ትቕጻዕ።

8.40 ሓዳራ ጥሒሳ ምስ ዝተፈላለዩ ኣስብኡት ትሓድር 15,000.00 ትቅጻዕ ሕሽም ሓንቲ ላም ትኽሕስ።

8.41 ንጓል ካብ ሓደ ንላዕሊ እንተተጋሲስዋ (እንተዓሚጽዋ) ነፍስ ወከፎም ብመሰረት ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ዘሎ ዓንቀጽ 8.31፣ ዓንቀጽ 8.32 ይኽሕስዋ።

8.42 ንጓል ክዕምጻ ሃቂኑ (ፈቲኑ) ዘይተዓወተ (ብሓይሊ ምስ ትወጽእ 5,000.00 ናቕፋን) ሕሽም ሓንቲ ላምን ይኽሕሳ።

8.43 ክምርዓወኪ ኢየ ብምባል ክብሪ ድንግልንኣ ዘፍረሰን ከታልላ ድሕሪ ምጽናሕ ዝኸሓደ (ዝጠለመ) 20,000 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ጅሉጥ ተባሂሉ ናብ ኢዳ ዝኣቱ፣ ንስድርኣ ድማ ሕሽም ሓንቲ ላም ይኽሕስ። (ትሕቲ ዕድመ)

8.44 ንበዓልቲ ሓዳር ካብ ደንበ ሓሙኣ ወጻኢ እንተድኣ ኣጥኒሱ ክልተ ሕሽም ይሀብ፣ ንሰብኣያን ንክብሪ ናይቲ ደምበ።

8.45 ሰይቲ ሰብኣይ ጠኒሳ፣ ንዘጥነሳ ምስ ዘይትሕብር 20,000 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ንሰብኣያ ትኽሕስ፣ ሓንቲ ላም ድማ ሕሽም ትሀብ።

8.46 ሰብኣያ (ዝተመርዓዋ) ስእን እንተኾነ ካብ ሰሙን - 2 ወርሒ ምስ ጸንሐት ክትፍታሕ ትኽእል ንብረትዝምልከት ፍርቂ ተማቒሎም ይፋትሑ።

8.47 ስኡን ዝኾነ ሰብኣያ ዓመታት ተጻዊራ ድሕሪ ምጽናሕ ግቡእ ዝወሰደቶን ኣቕሑታን ሒዛ ትፍታሕ።

8.48 ካብ ስድርኣ ሰሪቁ ዝኸደ (ዝጠፍኤ) ክምርዓዋ እንተድኣ ኾይኑ፣ ግቡእ ናይ ጓል ሂቡ ንስድርኣ ሕሽም ላም ይኽሕሳ።

8.49 ሕጽይቲ ዘጥነሰ ንሕጹያ ላም ሕሽምን 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ) ናቕፋን ይኽሕስ።

8.50 ሕጽይቲ እንተጠንሰት ንሕጹያ ላም ሕሽምን 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ) ናቕፋን ይኽሕስ።

8.51 ትሕቲ ዕድመ ጓል እንተጠነሰት 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ሕርስን ይወሃባ።

## ዓንቀጽ 9 ብእንስሳ ዝወርድ ሓደጋ

- ብእንስሳ ዘቤት ዝወርድ ሓደጋ (ጉድኣት ) ተሓታቲ ዋና ጥሪት እዩ።
- ከልቢ ዝቀተለ 120 ናቕፋ ተቀጺዑ ላም ሕሽም ንዋና ይህብ።

## ዓንቀጽ 10 ውሳኔ

10.1 ሕጊ ብሄረ ብሌን ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ዝጥሓሰ ሰብ 5000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ። ብሕጊ ድማ ይቕየድ።

10.2 ሕጊ ብሄረ ብሌን ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ዝጥሓሰ ዝጠሓሰት እንዳባ (ማይ ቤት 7000.00 ናቕፋ ትቕጻዕ: ብሕጊ ድማ ትቕየድ።

10.3 ተሰካር ብሕጊ ብሀረ ብሌን ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ትሩፍ ኢዩ። ነዚ ዝጠሓሰ 5000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ።

10.4 ሕጊ ብሄረ ብሌን ጥሒሱ ኮነ ኢሉ ሓደ ሽም ጸዊዑ ንኻልኡት ዘትረፈ 10,000.00 ናቕፋ ይቕጻዕ።

10.5 ብሕጊ ተርቀን ተውቀን :12 ነገድን ክካየድ ዝጸንሐ ሕጂ እውን በዚ ሕጊ ብሄረ ብሌን ተርቀን ተውቀን 12 ነገድን ይቅየድ።

*N.B* ተንቱን ዝብሃል : 12 ርብዒት እኽሊ : ሓንቲ ጤል: ፍያስኮ ጠስሚ የጠቓልል።

" ዓወት ንሓፋሽ "